# ኮ/ል ተኽስተ ሃይለ (ወዲ ሃይለ) መን’ዩ?

መእተዊ

ክቡራት ኣንበብቲ!

ኩሉኹም ነዚ ጽሑፍ እተንብቡን ነቲ ዝስዕብ ምስጢራት እተከታተሉ ግር ክብለኩም ምዃኑ እግምት’የ። ገለኹም ናይ ብሓቂ ድዩ ክትብሉ ትኾኑ? ገለኹም’ውን ክትርጠራጠሩ ኢኹም። ምግናን ትብሉ’ውን ኣይትስእኑን። ካብዚ ሓሊፍኩም፣ ኣብ ኣገዳስነት ናይዚ ጽሑፍ ገዚፍ ሕቶ ተስፍሩ ትኾኑ? ንምንታይ ንግዜ ዘይጽበ ትብሉ’ውን ውሑዳት ኣይትኾኑን። ክወጽእ ዝተደልየሉ ምኽንያት እቑዲመ መመጻደቺ ቃላት ኣይክምልስን’የ። ክትኣምኑ ክትክሕዱ ክትቕበሉዎን ክትነጽግዎን እቲ ሓቂ፣ ሓቂ’ዩ። የማን በል ጸጋም በል ሓቂ ዝቕየር ስለ ዘይኮነ።

1) ምሕጽንታይ

ፈለማ ክቡር ኣንበባቢ ምሕጽንታይ ከቐድም። ንወዲ ሃይለ ከም ሰብ፣ እሞ ኸኣ ከም መጋድልተይ ኣብ ውልቃዊ መንነቱ ምእታወይ ብዙሕ ኣይትቀየሙኒ። ብዛዕባ ውልቀ ሰብ ምዝራብ ባህ ዝብለኒ ኣይኮነን። ግዳ! ንክጽሕፍ ዝፈልጦ ምስጢር ደሪኹኒ። ካልኦት ሰባት ብፍላይ ከኣ መንእሰያት ክፈልጥዎ ገለ ኪወጽእ ዘይግብኦ ምስጢር ሓዊሰ ክጽሕፍ’የ። ሎሚ ስደተኛ ብርጌደር ጀነራል (ኮሎኔል ተኽስተ ሃይለ) እቲ ኣነ ዝፈልጦ ሓቅታት ክጽሕፍ’የ።

2) መንነት ወዲ ሃይለ

ንወዲ ሃይለ ካብ ዝፈልጦ ዝያዳ 36 ዓመታት ኣሎኒ። ዳርጋ ክንድኡ ወሲኽካ ዕድመይን ዕድመኡን ይኸውን’ዩ። ስለዚ ብመንነቱ ክጅምር ዘገደሰኒ ንሱ’ዩ። እንታይነቱን መንነቱን ምጅማር ነቲ ዝስዕብ ሓቅታት ንምግንዛብ ይሕግዝ ይኸውን እዩ። መንነትን ዜግነትን ወዲ ሃይለ ኣብ መጀመርያ ናጽነት’ዩ ፈሊጠ። ሃንደበት’ዩ እቲ ዕላል ተፈሊጡ። ወዲ ጸሃየን ወዲ ሃይለ ኣብ ዘልዓልዎ ዕላል ሓድሽ ኣርእስቲ ሰሚዐ። ገዲም ተጋዳላይ ብርሃነ ጸሃየን ወዲ ሃይለን ናይ ስጋ ዝምድና ዘለዎም ኣዕሩኽን’ዮም። ኣነ ንወዲ ሃይለ ክፈልጦ ዋዒን ቀቢጽን ምዃኑ’ዩ። ድሕር’ቲ ካብ ግንባር ብመውጋእቲ ዝተፈለኹሉ ከኣ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ኣብ እንዳ ወዲ ጸሃየ ተራኺብና። እቲ ዕላል ተበጊሱ’ዩ ጸኒሑኒ። ክሳብ ክትዖም ዝውድኡ ምስ ሓፋሽ በዓልቲ ቤቱ ብርሃነ ጸሃየ ዕላል ሒዘ። ሓፋሽ ኣብ ክፍለ ሰራዊት 85 ኣጋር ሓኪም ከላ’የ ዝፈልጣ። ንወዲ ጸሃየ ረኺበዮ ክኸይድ ምስ በልኩ ግን ንእዝነይ ዝኹርኩሕ ዘረባ ሰሚዐ።

“እዚ ኣነ ዝኣምነሉ ናጽነት ኣይኮነን” ዝብል ዘረባ ወዲ ሃይለ
“እንታይ መጺእካ ኢኻ ዘይትኣምነሉ?” ይምልሰሉ ወዲ ጸሃየ

“ናይ ናጽነት ትጽቢተይ ከምዚ ኣይነበረን” ወሰኸሉ ወዲ ሃይለ
“ከመይ? እንታይ ኢኻ ክትብል ደሊኻ?”
“ማለትሰ ኤርትራ ተነጺላ በይና ክትከውን ኣይተወሓጠለይን’ዩ። እዚ ናጽነት እዚ ንዓይ 80% እዩ።” ምስ በለ፣ ወዲ ጸሃየ ኩቁጣዕ ርእየዮ። ወዲ ጸሃየ ኣዛዚ ብርጌድ 51 ዝነበረ’ዩ። ህዱእ ገዲም ኣባል ካልኣይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት’ዩ።

“ኣንታ ወዲ ኣይጥዑይን እባ ኢኻ! ንስኻ እኮ ኤርትራዊ ኢኻ። ብዓቢኡ ተቓሊስካ ኣካልካ ዝኸፈልካ ተጋዳላይ ኢኻ። ድሕር’ዛ መዓልቲ እዛ ዘረባ እዚኣ ከይተውጽኣ” ምስ በሎ፣ እቲ ዘረባ ከቀባበለኒ ኣይከኣለን። እንታይ ኮን ንምባል’ዩ ከምኡ ዝብል ዘሎ። ረዚን ሕቶ ኣበጊሰኩ።

3 ወዲ ሃይለ ኤርትራዊ ዶ ኣይኮነን?

ናተይ ሕቶ እዩ። “ኤርትራዊ ምባል ከ እንታይ ማለት እዩ? መንነትን እንታይነትን ብምንታይ ይልካዕ? ምስጢር ሃገራውነት ከ እንታይ እዩ” ዝብል ሕቶታት ኣብ ቦታኡ ኮይኑ፣ ከም ሕቶ ንወዲ ሃይለ ስለምንታይ ኣገዲሳትኒ? ኣብቲ ዘርኢ፣ ሃይማኖት፣ ዓሌትን ደረጃን ኣብ ሓደ ቁራዕ ኣእትዩ ሃገራዊ ኣእምሮ ዝሃነጸ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ዝፈልጦ ሰብ፣ ስለምንታይ እዩ ከምኡ ዝብል ዘሎ ኢለ። ብድሕር’ዚ ምስ ብርሃነ ጸሃየ ኣዕሊልና። ምስ ገዚፍ ስክፍታኡ ትውልዱ ነጊሩኒ።

4 ትውልዲ ተኸስተ ሃይለ (ወዲ ሃይለ)
ኣቦይ ሃይለ፣ ኣቦኡ ንተኸስተ ምኚኖም’ዮም፣ ኣብ ግዜ ንእስነቶም ካብ ትግራይ ናብ ኤርትራ መጺኦም። ኣብ ናይ ሕርሻ ቦታ ቀይሕ ኮርን ዓላን ስራሕ እናሰርሑ ጐቢዞም። ኣብ ዓላ ወናኒ ሰፊሕ ግራት ሕርሻ ዝኾኑ ሽቃ ተኽልኢል ኣዝዮም ፍሉጥ’ዮም። ንሶም’ዮም ንሃይለ ስራሕ ቆጺሮሞ። ሃይለ ከም እሙን ጓሳ ኣብታ ጀርዲን ዓበየ። ንሓበሬታ ሽቃ ተኽልክኤል ኣቦኡ ንሚኒስተር ሃገራዊ ልምዓት ዶክተር ገርግሽ’ዮም።
ሃይለ፣ ኣቦ ተኸስተ ኣብቲ ጀርዲን እናሰርሐ ኣብቲ ገዛ ኣታውን ወጻእን ኮነ። በዚ ድማ ንሓፍቲ ገርግሽ ዓሚጹ ኣጥነሳ። ሕባእ ሕባእ ኮይኑ። ተሓቢኡ ኣይተረፈን። ተኸስተ ተወሊዱ። ስለዚ ብትውልዲ ኣቦ ተኸስተ ሃይለ ትግራዋይ’ዩ። ትግራዋይ ግን፣ ኣቦኡ ትግራዋይ ስለ ዝኾነ ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ኣተሓሳስብኡ ትግራዋይ ስለዝኾነ። ናይ ስጋን መንፈስን ትግራዋይ።

5) ወዲ ሃይለ ብስጋን መንፈስን ከመይ ኢሉ ትግራዋይ ይኸውን?

ካብ ብርሃነ ጸሃየ ዝያዳ ንወዲ ሃይለ ዝቐርቦን እሙን መኻሪኡን ነዛ ሕቶ እዚኣ ኣቕሪበሉ። እዚ ትግራዋይነት ካበይ እዩ ዝብገስ ዝብል ሕቶ ምስ ኣቕረብኩሉ፣ ንዕኡ’ውን ከም ዘይርድኦን እቲ ምኽንያት ግን ካብ ርእሰ ምትሓት ክኸውን ከም ዝኽእል ኣሚቱለይ። እታ መልሲ ዕግበት

ስለዘይሃበትኒ ናብ ቀረባ ቤተሰቡ ( እንዳኮታቱ) ነታ ሕቶ ክምልስ ኣይከኣለን። ግን ኣብ ሜዳ ከም ዝጀመሮ እቲ ሕማም ነብሰ ምትሓት ኣይሕብኣለይን።

6) ዝምድና ወዲ ሃይለን ወያነን

ሓደ ግዜ ኣብ መፋርቕ ሰማንያታት ኣብ ድሕሪ መስመር ዝነበረት ኣሃዱ፣ ምስ ወያነ ምርድዳእ ስኢና ኔራ። ብሃዘሞ ክኣትው ዝተባህለ ብረት ስለዘይሰለጠ እቲ ጉዳይ ናብ ዝለዓለ ኣካል በጺሑ ነበረ። ብድሕር'ዚ ንምርድዳእ ተባሂሉ ክልተ ተጋደልቲ ወያነ ኣርከበን ኣውዓሎም ወልዱን ናብ ሳሕል ኣብ ዝመጹሉ፣ ሓደ ናትና ተጋዳላይ ኣሎ ኣብዚ ሓላፊ በጦሎኒ ዝበጽሖ ክብሉ ተሰምዑ። እዚ ዘረባ ዝሰምዐ ወዲ ሃይለ ብቀጥታ ናብኦም ብምኻድ ነዊሕ ሰዓታት ምስኦም ጸንሐ። ክሳብ ዝብገሱ'ውን ካብኦም ኣይተፈልየን። ናደው ምስ ፈረሰ ወያነ ናባና ምስ መጹ ከም እንደገና ወዲ ሃይለ "ናብ ትግራይ ክበጽሕ ዝብል ዘይንቡር ሕቶ ኣቕሪቡ"

"ኣነስ ምስ በዓል ኣውዓሎም ወልዱ ጽቡቕ ርክብ መስሪተ ኔረ። ኣብዚ ካልኣይ ሓድነታዊ ጉባኤ'ውን ምስኦም'የ ቀንየ" ዝብል መልሲ ሂቡ። እዚ መልሲ እዚ ቅቡል ኣይነበረን። ሓንቲ ጥብቂ ምስጢር ብዝብል ማሕተም ዝተጻሕፈት ደብዳበ ኣብ ብስክሊቱ ተረኺባ ኔራ ኣጋ ናጽነት።

ድሕሪ ናጽነት ወዲ ሃይለ ናብ እንዳ ኣባሓጎኡ ቀልጢፉ ከይዱ። ኣኮታቱ ነቲ ጽንጽንታ ምስ ሰምዑ "ግደፍ ተኸስተ ከይትጋገ፣ ንስኻ ኤርትራዊ ኢኻ" ኢሎሞ'ዮም። ድሕር'ዚ ዘረባ እዩ እቲ ዘመዱ ዝብጽሖ ንወዲ ጸሃየ፣ ነታ 80% ጥራይ'ዩ እዚ ናጽነት ዝብል ቃል ዘምጽኣ።
እዚ እቲ ንመንነት ዝምልከት ዘምጻእክዎ ነጥቢ'ዩ። ዝሰዕብ መን ዓሲብዎ? ብኸመይ? ስለምንታይ? እቲ መስመርን ዝርዝር ምስጢራቱ ተኸታተሉኒ።